# ማዕቀብ ብበደልቲ መዋእሉ ንክብደል ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ

## ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤ (ሽካኣ)

### ካላኣይ ክፋል ፡ 03/12/2015

*ኣብ ታሕሳስ 5,2009 ዓ.ም. ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብ1907 ዝፍለጥ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሃገር ኤርትራ ንምድኻም ካብ ዝብል ተንኮል ፡ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ናይ ኣጽዋር ማዕቀብ ገበሩ ። ድሕሪ ክልተ ዓመታት እንደገና ኣብ ታሕሳስ 23, 2011፣ ብ2023 ዝፍለጥ ተወሳኺ ኣብ ቍጠባ ሃገር ዝቕነዐ ማዕቀብ ወሰኑ ። እዘን ክልተ እገዳታት ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ፡ ናብ ሓድሽ ዓመት ኣብ እንሰጋገረሉ እዋናት እየን ተወሲነን ። ብባህልና ፡ ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልና ኢልና ብሓድሽ መንፈስ ንብገሰሉ ጊዜ እዩ ። ናይ ጊዜ ምርጫኦም ከይተረፈ ባህላዊ ሰረታትና ኣጸኒዖም ይጻብኡና ከምዘለዉ እውን ክንርድኦ እግባእ ኣብ ዝብል ኢና ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍ በጺሒና ነይርና ።*

*ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ፡ ማዕቀብ ፡ ናይቶም ዝሓለፉ ተጻብኦታት መቐጸልታ ከምዝኾነ ፡ ዝያዳ ንመንነትና ንምዕናው ዝካየድ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት መልክዓት ሒዙ ይኸይድ ከምዝጸንሐን ከምዘሎን ሓሳባተይ ከቕርብ እየ ። ናይ ሓፋሽ ህዝብና መኸተ በቲ ሓደ መዳይ ፡ ናይ ጻላእትና ተጻብኦታትን "ንገረብ ብሓኽላ" ዝብል ተንኮላትን በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ክድህስስ እየ ። ንጻላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾኑ ሓይልታት "ንምቅንጃው" (ንምጽብባቕ) ዝረኣ ዘሎ ዘይቑኑዕ ሓሳባትውን ክንጸግ ዝግብኦ ምኺኑ ሓሳባተይ ከቕርብ እየ ።*

***ንኹሎም ነገራት ወይ ተርእዮታት ብንቡእ ንምርድኦም ፡ ነቶም ዝጋሃዱ ተርእዮታት ብንጹላቶምን ምስ ካልኦት ብዘለዎም ምትእስሳራትን ምርኣዮምን ፡ ውሽጣዊ ትሕዝትኦምን ግዳማዊ መልካዓቶምን ምምርማርን ምፍታሽን ፡ ኣብቶም ዝጋሃዱ ጊዝያውያን ማዕበላት ኣቓልቦ ምግባር ጥራይ ዘይኮነ ፡ ናይ ዝሓለፉ ታሪኻዊ ጉዑዛታት ምድህሳስን ምዝማድን ኣገደስቲ ይኾኑ ።***

*ወለድና ንመግዛእታዊ ሓይልታት ብምቅዋም ፡ ዘካይድዎም ቃልስታት ብቐሊሉ ዝጥመቱ ኣይኮኑን ። ብሓያል መኸተኦም ጥሒሶም ዝሰገርዎም መድረኻትን ፡ ዝተጋህዱ ዓይነታዊ ዝላታትን ፡*

*ምስግጋር ናብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ፡ ዘቕንዑና ምኽኖም ምጥማቶም ኣገደስቲ ይኾኑ ። ብረታዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ከኣ ናብ ሃገራዊ ናጽነት ዘሰጋገረ ፡ ሓያል ዋጋ ዝተኸፍሎን ኣብ ታሪኽ ሕብረተሰብ ኤርትራ ወሳኒ ቦታ ዝሓዘን ምዕራፍ ኮይኑ ንረኽቦ ። እዞም መድረኻት እዚኣቶም ፡ ብንጽላቶምን ፍልዩነቶምን ምርኣዮምን ፡ ነቶም መድረኻት ዝገልጽዎምን ዝፈልይዎምን መለለይታት ዝኾኑ ዝተጠርዩ ብቕዓት ፡ ንቕሓትን ናውትን ምርድኦምን ፡ ነንሕድሕዶም ዘለዎም ምትእስሳራት ምጥማቶምን ምንጻሮምን ነቶም ኣገደስቲ ኣካላት ናይ ሕብረተሰብና ታሪኽ ጉዑዞታት ዝገልጹ እዮም ። ብኻልእ ኣዘራርባ ፡ ወለድና ንመንነቶምን ንሃገሮምን ክብሉ ብቃልሲ ዝወነንዎ ታሪኽ ፡ ምስቲ ናይ ሃገራዊ ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልስን ናይ ጊዜ ናጽነትን ፡ ሃገራዊ ታሪኻዊ ጉዑዞታት ፡ ከነተኣሳስሮምን ሰሪዕና ክንጥምቶምን እንተዘይኪኢልና ፡ ንገዛእ ርእስና ንጹር ዝኾነ ራእይ ሃልዩና ፡ ንቕድሚት ክንምርሽ ኮነ ፡ ቐጻሊ ወለዶ መንነቱን ታሪኹን ኣኽቢሩን ዓቂቡን ክቕጽል ማለት ዝሕሰብ ኣይኮነን ።*

*እቲ ዝሓየለን ሰራምን ኣንጻርና ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት እውን ፡ ኣብ መንነ ዝሓለፉን ዘለዉን ናይ ቃልሲ መድረኻትን ናይ ወለዶታት ታሪኻዊ ጉዑዞታትን ፡ ነንሕድሕዶም ምትእስሳራት ዘይብሎምን ዘይራኽቡን ኣምሲሎም ፡ ነቶም ታሪኽ ዝሰርሑ ሓይልታት ሕብረተ ሰብና (ወለዶታት) ነንሕድሕዶም ምንእኣሳት ዝዕድሙ ኩነታት ፈጢሮም ፡ ንታሪኽ ወለዶታት ኣሕሲሮም ፡ ነቲ ንዘለኣለም ተኸቢሩ ክነብር ዝግብኦ ፡ ናይ ሕብረተሰብና ክብርታትን ናይ ሓባር ንብረትን ዋንነትን ንብሎም ዓንድታት ፡ ንምፍራሶምን ጎዛዚኻ ንምሕምሻሾምን ዝካየዱ ተንኮላት እዮም ። ኲሎም ብዘገምታ ዝኸዱ ፡ ሰላሕታ ሕማማት ምኻኖም ከኣ ክንዝንግዖም የብልናን ።*

*"ንገረብ ብሓኸላ" ዝብል ናይ ጸላእትና ተንኮላት ፡ ሓድነት ህዝብና ንምፍራስ በብመድረኹ ክፍትንዎም ዝጸንሑን ዘለዉን ፡ ከምኡውን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ተጻብኦታትን ፡ ኣይኮኖሎምን ደኣእምበር ውሑዳት ኣይኮኑን ።*

*ኣብ ጊዜ ወለድና ማለት ቅድሚ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ፡ ገዛእቲ ሓይልታት ፡ ንኣዝዮም ውሑዳት ሃገራውያን ኣርቢሖም ፡ ጎይታይ ፈተወራሪ ..በቶም ዝበዝሑ ክምዝባሃሉ ገይሮም ፡ ገዛእቲ ፡ ነቶም ዝበዝሑ ሓፋሽ ህዝብና እናገፍዑን እናገረፉን መግዛእታዊ መዋእሎም ክቕጽሉ ፡ ህዝብና ንባዓል*

*ኀይታይ ፈተወራሪታት ሹመኛታት ስለዝኾኑ ፡ ክሰምዑዎምን ዝበልዎም ክገብሩን ትጽቢት ነበሮም ። ብሓፋሽ ስለዝተመከቱን በዓል ኀይታይ ፈተውራሪ እውን ስለዘይሓመቑን ግን ናይ ገዛእቲ ፈተነታት ንግዚኡ ተራእዩ ሓሊፉ ። በንጻሩ ናይ ኤርትራ ሃገራውነት ብዝያዳ ንኽምዕብል ደፊኡ ሓጊዙ ።*

*ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ፡  ቀይሕ ባሕሪ ንዓረብ ክሸጥዋ ደልዮም ... ብምባል ፡ መስቀላውያን ኮይኖም ብምቕራብ ህዝብና ክኻዝዞ ፈቲኖም ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ውልቃዊ እምነትን ሃገራውነትን ፈላልዩ ዝፈልጥ ፡ ካብ ናይ ገዛእቲ ዱሑር ኣተሓሳስባታት ኣዝዩ ንቕድሚት ዝማዕበለ ስለዝነበረ ጸላእትና መደባቶም ክሰልጦም ኣይካኣለን ። ብወተሃደራዊ ፡ ብቑጠባውን ፖሎቲካውን ...  ሓያላት ዘራያት ኣብዚሖም ሾናት ኣካይዶም ። እንተኾነ ግን ፡ ናይ ኤርትራውያን ወታሃደራዊ ታክቲክን ስትራተጅን ፡ ቅዲ ሾናት ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመራርሓ ናይ ምሾሓት ሓይልታት ጸብለልትነት ስለዝነበሮ ፡ ብተዛማዲ ብውሑድ መስዋእቲ ኣዝዩ ዓብዪ ናይ ጸላእቲ ዕንወት ፈጢሩ ፡ ቑጠባዊ ዓቕምታቶም ጸንቂቑን ሓኒቑን ፡ ብዓወት ህዝቢ ኤርትራ ተዛዚሙ ፡ እንተኾነ ግን ተጻብኦታት ቐጺልዎ ድኣእምበር ፡ ኣይገደፍዎን ።*

*ኣብ መድረኽ ሃገራዊ ናጽነት እውን ጸላእትና ፡ ብቑጠባዊ ፡ ብወተሃደራዊ ፡ ብእገዳን ብሓያል ስነ ኣእምሮኣዊ ሾናትን ተጻብኦታቶም ቐጺልዎ ። ብዓለማዊ ደረጃ ብእገዳ ፡ ብውሽጢ ከኣ "ንገረብ ብሓኽላ" ዝብል ተንኮላት ቀንዲ መሳርሒ ብምሕሳብ ፡ ዝተፈላለየ ዕላማታት ዘለወን ጉጅለታት ንኽፍጠራ ሓጊዞም ፡ ደሞዝ ከፊሎም ። ማዕቀብ ንፍሉያት ኣካላት ሕብረተሰብና ፈልዩ ከምዝወቅዕ ኣምሲሎም ዝገልጹ ሰባት ኣዋፊሮም ። ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ፡ ንቕሓት ከምዘይብሉ ፡ ዝተባህሎ ጥራይ ዝገብር ኣምሲሎም ፡ ንሃገርን ንህዝብን ንምክልኻል ንዝገብሮ ጻዕርን መስዋእትን ወንጂሎም ከንእስዎ ፈቲኖም ። ንናይ ካልኦት ስተረታጅካዊ ረብሓታት ክሕልዉ ክብሉ ካብ ማእከል ጅቡቲ ነፊጾም ናብ ዶባትና ሃንደፍደፍ ንዝበሉን ሃገርና ንኽደፍሩ ንዝፈተኑን ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ሃገር ከይድፈር ስለዝተኸላኸለን ንወረርትናን ላኣኽቶምን ጸብጻባት ስለዘይሃበን ፡ ንኣዕነውቲ ሓይልታት ብምሕላቕ ፡ ንተንኮላትን በደላትን ጸላእትና "ዘቀናጅዉ" ውሑዳት እውን ኣይተሳእኑን ።*

*ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ፡ ሓደ ኩቡርን ምኩርን ሓው (ፖሎቲካዊ ካድር)* ***ጠንቅን ሳዓቤንን ፡ ወድዓውነትን ባዕላውነትን ፡ ምኽኒትን ኣጋጣምን ዘብላ ኣርእስትታት ሒዙ ክምህር ተዳልዩ ቀረበ ።***

*ኣኼበኛ ነተን ክልተ ንምርደአን ብዙሕ ኣይሸገሮአን ። እታ ሳልሰይቲ ማለት ምኽኒትን ኣጋጣምን ትብል ኣርእስቲ ግን ፡ ነዊሕ ክትዓት ተኻየደላ ። ኣብ መጨረሻ እቲ ካድር ኣዝዩ ኪኢላን ዝተሞኮረን ስለዝነበረ ፡ ሓደ ኣብነት ኣቕሪቡ ነቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ከረድኦ መረጸ ። በለ ከኣ ፡ ክልተ ሰባት እሉኽ (ሑዱር) ዝኾነ ጽልኢ ነበሮም ። ኣብ ሞንጎ ብዙሕ ህዝቢ ከለዉ ፡ እቲ ሓደ ሕልፍ ክብል ኮሎ ነቲ ሓደ መጻልእቱ ትንክፍ ኣበሎ ። እቲ ዝተተንከፈ በግ ኢሉ ጸፊዖ ይብል ። ስለምንታይ ትጸፍዖ እንተተባህለ ፡ ጎኒጽኒ ዝብል መልሲ ሃበ ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይ መጽፋዕቲ ግን እቲ ምትንካፍ ዘይኮነስ ፡ እቲ ሑዱር ዝጸንሐ ጽልኢ እዩ ። እቲ ትንክፍ ምባል ኣጋጣሚ እዩ ብምባል ገለጸ ።*

*ገለ ሰባት ጠንቂ ናይ እገዳ ፡ ናይ ሶማል ፡ ናይ ጅቡቲ ወይ ካልእ ኮምኡ ዝኣመሰለ ዘምጸኦ ጸገም ምኺኑ ክገልጹ ይፍትኑ እዮም ። እዚ ንጸላእትና "ንምቅንጃውን" ህዝባዊ መኸተ ንምድኻምን ፡ ዝቐርብ ሓሳባት እንተዘይ ኮይኑ ፡ ሓቅነት የብሉን ። እቲ ቀንዲ ምኽኒት ፡ ሓያላት ኢና ባሃልቲ ፡ ናይቲ ዞባና ኣህዛብ ረብሓታት ረጊጾም ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ረብሓታት ንምሕላውን ከምድላዮም ዋናታት ኮይኖም ንኹሉ ንምቑጽጻር ዝገብርዎን ዘሳውርዎን ተንኮላት እዩ ። ብሕጅውን እንተኾነ ዝኾነ ኣጋጣሚ ክጥቀሙ ዝሸግሮም ከምዘይኮኑ ክንግንዘቦ ይግባእ ።*

*ሶቭዮታውያንን ኣመሪካውያንን ኣጽዋራት ናብ ኢትዮጵያ ከግዕዙ ከለዉ ፡ ረብሓታቶም ክሕልዉ እምበር ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክሕግዙ ወይ ውን ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኣበሰ ኣይነበረን ። ወያነ ምስ ኤርትራ ውግእ ከካይድን ናብ ሶማል ወራር ክግብርን ኮሎ ፡ ናይ ጎይቶቱ ትእዛዝ ከኽብርን ረብሓታት ላኣኽቱ ክሕሉን እምበር ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጸገም ስለዝፈጠረ ወይ ውን ህዝቢ ሶማል ስለዝተጻገመ ኣይነበረን ። ንናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ረብሓታት ንምሕላው እውን ኣይኮነን ። ወያነ እውን እንተኾኑ ፡ ኣብ ትሕቲ ግዳማውያን ኣዘዝቲ ዕዳጋ ዝወረዱ ስለዝነበሩ ፡ ዝተባህልዎ ክገብሩ እምበር ካልእ ምርጫ ስለዘይነበሮም ጥራይ እዮም ።*

***ንሕና ኤርትራውያን ኩልና ናይ ጸላእትና ሓሳባትን ተግባራትን ከነቀናጁ ዘይኮነስ ፡ በንጻሩ ሓቅነት ሒዝና ፡ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ፡ ብብመድረኹ ንዘጋጥሙና ናይ ግዳም ተጻብኦታት ፡ ዘሎና ውልቃዊ ድሌትን ፖሎቲካዊ ኣጠማምታን ብዘየገድስ ፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ጉዳይና ፡ ብጥሙር ሓይሊ ፡ ንናይ***

*ሃገርናን ህዝብናን ጸላእቲ ዝኾኑ ሓይልታት ክንምክቶም እዩ ዝግባእ ። ህዝቢ ኤርትራ ንጸላእቱ ስለዝመከተ ጥራይ እዩ ህልውንኡ ኣረጋጊጹ ። እዚ መርገጽ እዚ ፡ ከም ሃገራዊ ባህሊ ተወሲዱ ብተግባራዊ ስራሓት ዝግለጽን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገርን ኣተሓሳስባ ክኸውን ከኣ ይግባእ ። እዚ ዋላ ኣመሪካውያን ንጉዳይ ሃገሮም ዝጥቀምሉ ኣሰራርሓ እዩ ። ነዚ ኣገባብ ኣጠማምታን ኣሰራርሓን ዘይሓዛ ሃገራት ፡ ንውሽጣዊ ጉዳየን ንፋስ የእትየን ፡ ክፍወስ ዘይክእል ጸገም ፈጢረን ወይ ካኣ ተበቲነን ተሪፈን ንርኤን ኣሎና ። ኣብ ከባቢና ንድኽመታትና ዝጽበዩ ኣካላት ከምዘለዉ እውን ክንዝንግዕ የብልናን ።*

*ብስሙር ሓይሊ ንሃገርካ ተወፊካ ምስራሕ ፡ ሕብረተሰብና ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ፡ ሓደ ካብቲ ኤርትራዊ መንነትን ውህደትን ዝፈጠረን ዘማዕበለን እዩ ። ወለድና ፡ ናይ ውልቆምን ናይ ማሕበሮምን ፍልልያት ኣወንዚፎም ወይ ከኣ ካላኣዊ ቦታ ኣትሒዞም ፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ንኽሰርሑ ምሒሎም ሰሪሖም እዮም ። ኣንጻር ጸላእቲ ሃገር ኩሎም ኤርትራውያን ሃገራውያን ብሓባር ክምክቱ ግዴታን ሕድርን ከኣ ኣለዎም ።*

*ይቕጽል*